# ጥዕና ንዘደንፍዑ ኣገልግሎታት ዝምልከት ኣቕርቦት

## - ንህጻናትን ወለዶምን

ኵላቶም ህጻናት ክሳብ ዝተኻእለ መጠን ጥዕናኦም ምሉእ ንክኾውን መሰል ኣለዎም። ጥዕና ህጻናትን ዓቕሚ ወለዲን ንኸጣጥሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ዘድልዮም ደገፍ ክረጋገጽ ምእንቲ ክከኣል፡ ኵላተን ስድራ-ቤታት ዕድመ ደቀን ሓደ ዓመት ክሳብ ዝመልእ ብዝተፈላለያ ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝኾና ትካላት ደገፍ ይግበረለን እዩ። ብማእከል ጥዕና ህጻናት፡ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ፡ ትካል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሰናን፡ ከምኡ'ውን ብትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ጥዕና ዘደንፍዑ ኣገልግሎታት ድዩስ ንወለዲ ዘድሊ ደገፍ ይወሃብ እዩ።

### ማእከል ጥዕና ህጻናት



**ድሕሪ ምውላድ ወድኹም/ጓልኩም ፦** ማእከል ጥዕና ህጻናት (Barnavårdscentralen, BVC) ቀዳማይ ቈጸራ ንኽትሕዙ ክውከሰኩም እዩ። ነዚ ማእከል እዚ ባዕልኹም ክትውከስዎ እውን ዝከኣል እዩ። ማእከል ጥዕና ህጻናት ንኹላቶም ህጻናት ናጻ ኣገልግሎት ዝህብ ትካል እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ'ዚ ማእከል እዚ ኩነታት ጥዕናን ኣካላዊ ምዕባለን ናይ ውላድኩም ክከታተሉ፡ ከምኡ'ውን ከም ወለዲ መጠን ምስ ኩነታትኩም ዝኸይድ ምኽርን ደገፍን ክህቡኹም እዮም። ውላድኩም ቅድመ-ትምህርቲ (förskoleklass) ክሳብ ዝ(እት)ጅምር ምስ'ዚ ማእከል እዚ ሰሩዓት ቈጸራታት ክህልዉኹም እዮም። ማእከል ጥዕና ህጻናት ንደቅኹም ክታበት ይህቦምን ሕክምናዊ መርመራ የካይደሎምን። ምኽንያት ናይ'ዚ ጥዕናዊ መርመራ እዚ፡ ደቅኹም ጥዕናኦም ሕሉው፡ ኣካላዊ ምዕባለኦም ድማ ሰሩዕ ኰይናም ከምዝዓብዩ ዝገብር እዩ። ኣብ'ዚ ማእከል እዚ ከም ልሙድ ነርስ ክትረኽቡ ኢኹም፤ ኣብ ገሊኣቱ ድማ እንተላይ ዶክተር ክህሉ እዩ። ኩላቶም ሰታሕተኛታት ናይ ማእከላት ጥዕና ህጻናት ምስጢር ዓማዊል ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።

### ትካል ቅድመ-ትምህርቲ



**ደቅኹም ደቂ ሓደ ዓመት ካብ ዝኮኑሉ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ናይ ምውዓል መሰል ኣለዎም:** ንስኻትኩም ወለዶም ወፈርቲ፡ ኣብ ትምህርታዊ ንጥፈት እተጸመድኩም ወይ ኣብ ምድላይ ስራሕ እትርከቡ ምስእትኾኑ። ኩላቶም ህጻናት፡ ዕድሚኦም ሰለስተ ዓመት ካብ ዝመልኣኩ እዋን ኣትሒዙ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ክፍሊት ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ (förskolan) ተሳተፍቲ ንክኾኑ መሰል ኣለዎም። ቅድመ-ትምህርቲ ኩላቶም ህጻናት እናተዛናግዑ ፍልጠት ዝቐስሙሉ፡ ውሕስነት ዝረኽቡሉን ብዘይ ኣፈላላይ ዝመሃሩሉን ክኸውን ይግባእ። ኣብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ዝነጥፉ መማህራን ይኹኑ ኣለይቲ ህጻናት፡ ደቅኹም ንሓድሕዶም እናተዋሰኡ ብኹለ'ንትናኦም ንኽምዕብሉ፡ ንኽጻወቱን ንኽመሃሩን ክድግፍዎምን ክኣልይዎምን እዮም።

ሓያለይ ምምሕዳራት ከተማ ምስ ደቅኹም ክትሳተፉለን እትኽእሉ ክፉታት ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ (öppna förskolan) እውን ኣለውወን።

### ትካል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሰናን



**ደቅኹም ካብ ደቂ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዝኾኑሉ:** ኣብ ትካል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሰናን (tandvården) ቀዳማይ ቈጸራ ክሰርዓሎም እዩ። ድሕር'ዚ ህጻናት ደቅኹም ከም ኩነታት ጥዕና ኣሰናኖም ዝፈላለ ሰሩዕ ቈጸራታት ክሰርዓሎም እዩ። እቶም ብኣጋኡ ናብ ሕማማት ኣሰናን ዝቃልዑ ህጻናት፡ ብኣኡ መጠን ናብ ዘይጽቡቕ ኩነታት ጥዕናን መነባብሮን እውን ዝተቓልዑ እዮም። ዕድመ ደቅኹም 23 ዓመት ክሳብ ዝመልእ፡ ኩላቶም ዓይነት ኣገልግሎታት ክንክን ኣሰናን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ክፍሊት እዮም ዝወሃቡ።

### ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት



ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት (socialtjänsten) ናይ ምምሕዳር ከተማኹም ንዓኹም ኰነ ንደቅኹም ክሕግዝ ድሉው እዩ።

ኣብ ሓደ ካብ'ዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ኩነታት ምስእትህዉ፡ ንትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም፦

- ንጉዳይ ኣተዓባብያ ደቅኹም ብዝምልከት ምስ ሰብ ክትላዘቡ ምስእትደልዩ
- ብዛዕባ ኩነታት ደቅኹም ዝመጸ ዘሻቕል ጉዳይ ምስዝህልወኩም ወይ ደገፍ ምስዘድልየኩም
- ኣብ ሞንጎ ገዛእ-ርእስኹምን ደቅኹም ዶብ ኣብ ምፍላይ ምስእትጽገሙ ወይ ምስ ደቅኹም ብቐጻሊ ትገራጨዉ እንተኼንኩም
- ኩነታት ወልፊ ድዩስ ስድራ-ቤታዊ ጐነጽ ዘንቀሎ፡ ኩነታትኩም ከቢድ ምስዝኸውን
- ስድራ-ቤትኩም ንኽትኣልዩ ገንዘባዊ ደገፍ ምስዘድልየኩም
- ንህጻናት ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ምስ ካልኦት ወለዲ ዘይትሰማምዑ እንተኼንኩም
- ደቅኹም ብሰንኪ ኩነታት ሰንክልና ተወሳኺ ደገፍ ምስዘድልዮ

ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቶም ብኸቢድ ኩነታት ዝሓልፉ ዘለዉ ህጻናት ውሕስነት ክፈጥረሎምን ክሕግዞምን እውን ይቃለስ እዩ። ዝኾነ ይኹን ብዛዕባ ኩነታት ሓደ ህጻን ዝመጸ ሰክፍታ ዘለዎ ውልቀ-ሰብ፡ ብዛዕባ ሰክፍታኡ ንትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክሕብር ይኽእል እዩ።

# ኣድራሻዊ ሓበሬታ

ኣገልግሎት፦

ኣገልግሎት፦

ኣገልግሎት፦

ኣገልግሎት፦